# ሰንበት ዘዳግማይ ትንሣኤ 2018 ዓ.ም.

## 8/19/2016 ዓ.ም. (4/19/2026)



ክርስቶስ ትንሥአ እሙታን በዐብይ ኃይል ውስልጣን አሰሮ ለሰይጣን አግዓዞ ለአዳም ሰላም እምይእዜሰ ኮነ ፍስሃ ወሰላም።

መዝሙር፡ ይትፌሣሕ ሰማይ ወትትሓሰይ ምድር...ሰማይ ይተሓጎስ ምድሪ እውን ደስ ይበላ መለኸት ይወቓዕ ኩሉ አድባራትን ከበቢኡን ኩሉ አእዋም በረኻታትን ይታሓጎስ ፥ ሎሚ አብ ሰማያት ዓቢ ተሓጓስ ኮይኑ አሎ፥ ምድሪ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ ዓባይ ፋሲካ ትገብር አላ። ትንሣኤኡ ብሰንበት ገበሮ ከም ነዳዲ እሳት ናብ ሲኦል ወረደ። አብኡ ነቲ ማዕጾ ሓጺን ሰበሮ፥ አብ ሣልሳይ መዓልቲ ንሞት ሰዓሮ ንኃይሊ ጸልማት አባረሮ።

ንባባት፡ 1ቆሮ 15፡20-41፥ 1ጴጥ 1:3-9፥ ግ.ሓ.2:42-47፥ዮሓ 20፡19-31።

ስብከት፡ወተንሥአ እግዚአብሔር ከመ ዘንቃሕ እምንዋም ወከመ ኃያል ውኅዳገ ወይን፥ ወቀተለ ጸሮ በድኅሬሁ፥። ሽዑ እግዚአብሔር ከምቲ ኻብ ድቃሱ ዚትንሥእ ሰብ ተንሥአ፥ ከምቲ ነቢት ሰትዩ ዚዕንድር ጀግና ኾይኑ ተንሥኤ መዝ። 78፡65-66።

ሎሚ ዳግማይ ትንሣኤ ኢና እነብዕል ዘሎና። አብዚ ፍሉይ ሰንበት ቤተ ክርስትያን ንትንሣኤ ክርስቶስ እናመስከረት እንከላ ሓጎስ ትንሣኤ ነዚ ሒዝናዮ ዘሎና እዋን ፍሉይ ትርጉምን መቐረትን ይህቦ። ብፍሉይ ንነፍሲ ወከፍና ብእምነት ነቲ ሰናይ ዜና ትንሣኤ አብ ኩሉ ክንበጽሕ እሞ ኩሉ ፍጡር ጸጋ ትንሣኤ ከስተማቕር ክንሕግዝ ከምዘሎና ትላበወና። ንዅሎም ነቶም ትንሣኤ ክርስቶስ ዝቋወሙ ከምቶም ናይ እዋን ኢየሱስ ዝነበሩ መማህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ናይ ዘመና ቶማሳት ተጠራጠርቲ ንዅሎም ብትብዓት ንትንሣኤ ክርስቶስ ክንሰብኽ ትደልየና።

ዕዱማት ንብዓለ ትንሣኤ ኢና፥ እቲ በዅሪ ትንሥኤና ዝኾነ ክርስቶስ ንሱ ምንጪ ትንሣኤ ናይ ኩሎም ዝሞቱ፥ ተስፋ ናይ ኩሎም ክርስትያን፥ ምንጪ ሓጎስና እዩ። ነቲ ቤተ ክርስትያን እተቕርበልና ዘላ ዕድመ ሓጎስ እሞ ናትና ዝኾነ ብምልኡ ክንምልሰሉ ይግብኣና። ልዕሊ ዅሉ ንእግዚአብሔር አብ አቦ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክነመስግን ይግባእ ምኽንያቱ ንሱ ካብ ምሕረትን ሕያውነትን ተላዒሉ አብ ትንሣኤ ክርስቶስን ከምኡ አብ መንግስቱ ሱታፌ ክህልወና ጸዊዕና። ንሕና ኩልና ደቂ ትንሥኤን ሓጎስ ትንሣኤ እንዝምር ኢና፥ ክርስቶስ ከአ ምኽንያት ሓጎስና አብዚ ዘመን እዩ።

አብ ግ.ሓ.2፡42-47 ዘንበብናዮ ሓዲስ ቅንአት፥ ሓዲስ ፍቕሪ፥ ሓዲስ መንፈስ አብታ ቀዳመይቲ ማሕበር ክርስትያን ዝተራእየ ይነግረና። እቶም ካብ ናይ አይሁድ ሰደትን ማእሰርትን ሞትን ፈሪሖም ተሸቝሪሮም ዝነበሩ ሕጂ ብዅሉ ተቐይሮም ተብዓት ሰባት ኮይኖም ንርእዮም። አብዚ እዋን ኩሎም ብመንፈስ መሊኦም ሕቡናትን ፍርሒ ዘይብሎም ኮይኖም ንርእዮም። እቲ ዝወረስዎ ኸአ ሱታፌ አብ ትንሣኤ ክርስቶስ እዩ። ንሱ ምኽንያት ሓጎሶም፥ ፍቕሮም፥ ሓድነቶምን ጽንዓት ምስክርነቶምን እዩ። እዚ እዩ ትንሣኤ ክርስቶስ ሕጂ አብ ልዕሊ ነፍስወከፍና ዘምጽአ። ከም

ህዝቢ ኣምላኽ መጠን እምነትና ይሕድሰልና። ካብ መሬት ብምዃና ኣልዒሉ ኣብቲ ክንኮኖ ዝግብኣና ከምንድይብ ይገብረና። ብሓጺሩ ሓደስቲ ፍጥረት ብኹሉ ይገብረና። ትንሣኤ ክርስቶስ ሓጎስ ኣውሪዱ ንመጻኢ ሕይወትና ብሩህን ብኹሉ ትስፍው ይገብረልና። ካብ ሕጂ ንድሓር እምብኣር ምሉእ ኃይልን ዕጥቅን ዝሰነቕና ስለ ዝኾና ኣብ ኩሉ ከድና ክንሰብኽን ክንምስክርን ግቡእና እዩ።

ኣብ 1ጴጥ 1፡3-9 ዘንበብናዮ ጴጥሮስ መሓሪ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍና ዘርኣዮ ናይ ምሕረት ስራሕ ይገልጸልና። እዚ ምሕረት ኣምላኽ እንብሎ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሐ ብሓዲስ ልደት ውሉዳት ምስ ገበረና እዩ። ንሱ ኣብ ትንሣኤ ወዲ ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ከም እንሳተፍ ስለ ዝገበረና ርግጽ ዝኾነ ተስፋን ዘይበርስን ዘይበላሾን ዘይጽምሉን ኣብ ሰማይት ውርሻ ኣንነቢሩልና ኣሎ። ኣብዚ ጴጥሮስ እንታይ መልእኽቲ ከመሓላልፈና ከም ዝደሊ ዘሎ ክነስተውዕል ኣሎና። ወላ እኳ ተዋሂቡና ዘሎ ተስፋ ርጉጽ እንተ ኾነ ንሕና ክንገብሮ ወይ ክንጻወቶ ዝግብኣና ፍሉይ ተራ ኣሎና። እቲ ሓጎስና ምሉእ ክኸውን ነፍስወከፍና ነቲ ዝተዋህበና ጸጋ ክንፍርየሉ ብምልኡ ክንሳተፎ ክነብሮ እዩ ዝድለ ዘሎ። ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ ፍሉይ ውህበት ተዓዲልና ካብ ኮና ሕጂ ከመሎና። ሕይወትና ከም ክርስትያን ከም ካቶሊካውያን ከመሎ ብሓቂ ደቂ ትንሣኤ ዲና ዘሎና ወይስ ጌና ኣብ ፍርሕን ጸልማትን ኢና ዘሎና። ክርስቶስ ንኹልና ደቂ ኣምላኽ ስለ ዝኾና ድሮ ኣፍደገ ድሕነት ከፊቱልና እዩ፥ ንቀበሎ ኣይንቀበሎ ዘይቅየር እዩ፥ ክርስቶስ ብትንሣኤኡ ዝኸፈቶ ኣፍደገ ድሕነት ኣይዓጽዎን እዩ። ንኹሎም ብድላይ ኣምላኽ ዝኸዱ፥ ንዝተንሥኤ ክርስቶስ ኣብ ሕይወቶም ዝምስክሩ፥ ንሱ ናይ ሕያዋንን ሙታንን ጎይታ ምዃኑ ዝኣምኑ ዕርቡን ድኅነት ተዋሂብዎ ጭቡጥ ዋሕስ ዘልኦ ሕይወት እዮም ዝነብሩ። ከም ኣበሃህላ ጴጥሮስ እቲ ግድነት መጋበሪ ነዚ ዋሕስ ክትረክብ ዘድሊ እምነት እዩ። ንስኹም ስለ ዝኣመንኩም እቲ ኣብ መወዳእታ ዘመን ክግሃድ ዘለዎ ድኅነት ክሳዕ ዚመጽእ ኃይሊ ኣምላኽ ኪሕልወኩም እዩ ይብለና። እወ ብርግጽ እምነት ጥራሕ እዩ ዘረጋግጸልና ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ ብምልኡ ከም እንሳተፍ። ንኢየሱስ ብኣካል ኣይንርእዮን ኢና ግን ንኣምን ስለዚ ርግጽ ዝኾነ በረኸት ኣባና ኣሎ እቶም ከይረኣዩ ዝኣምኑ ዕዉታት እዮም (ዮሓ 20፡29) ይብለና።

ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ኣርድእቱ ደው ብምባል ነቲ ዝነበሮም ፍርሒ ቀንጠጠሎም ከምኡ ነቲ ኣብ ቶማስ ዝነበረ ዘይምእማን ኣለየሉ። ኣብ ልዕሊ ኣርድእቲ ዝበለጸ ህያብ ሃቦም ንሱ ኸኣ ህያብ ሰላም፥ መንፈስ ቅዱስ ብእስትንፋስ ኣውሪድሎም፥ ከምኡ ናይ ኣገልግሎት ምስጢራት ክዕድሉ ልኢኽዎም ልዕሊ ኹሉ ምስጢረ ስንሓ ክህቡን ኣብቲ ግራቱ ክዓዩን ልኢኾዎም። ኣብዚ ንባብ ብፍሉይ ክንርእዮ ዘሎና ኣብ ቅ. ቶማስ ናይ ኩሎም እቶም ምጥርጣርን ላንጋላንጋ ናይ ዝኾኑ ውቅባ እዩ። ንሱ ክርስቶስ ካብ ሞት ከምዝተንሥአ ምስ ተነግሮ ክኣምን ከቢድዎ ኣይኣምንን ኢሉ። ነቲ ሓዋርያት ዝነገርዎ ጨሪሱ ምቕባል ኣብዩ ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን ክርስቶስ ምስተራእዮ እውን ክኣምን ኣይክኣለን ክሳብ ብኢዱ ንጎኑን ነቲ ናይ ሸንካር ምልክትን ክሳብ ዝትንክፍ ምእማን ኣብዩ።

## ምእማን ንዝኣበዩ እንታይ ንገብሮም?

ኣብ ሕይወትና ነዚ ሰናይ ዜና እና ዘርጋሕና እንከሎና በብእዋኑ ዝመጽኡና ምጥርጣርን ጸገማትን ክህልዉ ግድን እዩ። ሰባት ነቲ እንብሎ እንኣምኖ ክነግሮም ከሎና ኣይቅበሉናን፥ ኣብዚ እዋን ኢና ኣብ ኢድ ኣምላኽ ሓዲግና ባዕሉ ከምቲ ንቶማስ ዝቐየሮ ክቕይሮም ክንጽልየሎም ዝግባእ። ብዘይምእማኖምን በቲ ዝብልዎ ኣይንጨነቕ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ክንሓድጎም ክንጽልየሎም ይግባእ። ኩሉ ነገር ርኢና ነዚ ወንጌል ኣንቢብና ኣብ ኢድ እቲ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ክንሓድጎም ኣሎና። ኣብ ናይ ቶማስ እንተ ረኤና ወላ ሓንቲ ካብቲ ሓዋርያት ዝበልዎ ንሓሳቡ ክቕይሮ

ዝኸአለ ኣይነበረን ኢየሱስ ባዕሉ ምስ ተገልጾ እሞ ኩሉ ምስ ኣርኣዮን ተዛረቦን እዩ ኣሚኑ ንሕና እውን ተስፋ ከይቆረጽና ኣብ ኢየሱስ ክነሕልፎም ኣሎና ልቦም ክቕይረሎም። ሎሚ ብዙሓት ቶማሳት ኣብ መንጎና ኣለዉ፥ ብዙሓት ንሓቀኛ እምነት ሓዲጎም ኣብ ካልእ ዝኸዱ ኣለዉ ስለዚ ኣምላኽ ንሓቂ ክገልጸለሞ ኩሉ ጊዜ ክንጽልየሎም ይግብኣ። ክርስቶስ ብናቱ እዋንን ብናቱ መገድን ልቢ ሰባት ይትንክፍ እዩ። ንሕና ከም ኣርድእትን ሓዋርያትን ክርስቶስ መጠን ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ተመሪሕና ነቲ ክርስቶስ ዝሃበና ተልእኮ ኣብ ምሉእ ዓለም ክንሰብኮን ክንምስክሮን ትሑዛት ኢና። ንሱ ልዕሊ ኹሉ ምንጪ ናይ ኩሉ ሓጎስናን ሕይወትና እዩ ብፍላይ ኣብዚ ዘመነ ትንሣኤ። በቲ ኣብ ጉዕዞ ሕይውት ዝጓነፈና ናይ ብዙሓት ቶማሳት ዘይምእማን ከጨንቐና ተስፋ ከቕርጸና የብሉን ምኽንያቱ ንሱ ከመይ ገሩ ከምዝቕይሮምን ኣብኡ ከምዝመልሶምን ይፈልጥ እዩ። ምስ መዘምር ዳዊት ኾና ምስጋና ንኣምላኽ ስለእቲ ኹሉ ዝገበረ ፍቕሩ ንዘለዓለም ይነብር እናበልና ኣብዚ ብሩኽ እዋን ትንሣኤ ብዝያዳ ኣብ ሓጎስ ኣብ ፍቕሪ ተመሊስና ሓዲስ ሕይወት ምስ ክርስቶስ ክንለብስ ይድለ ኣሎ።

ዳግማይ ትንሣኤ እምብኣር ፍሉይ ነገራት ክንሓስብ ይሕግዘና፡

- ሰላም ኣብ ኩሉ የድልየና፥ ድሕሪ ትንሣኤ ዘሎ እዋናት ኢየሱስ ደጋጊሙ ዝበሎ ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን እዩ። ኣብ ቅዳሴና ካህን ነዚ መሰረት ገሩ ሰላም ምስኩልኻትኩም እናበለ ደጋጊሙ ይጽሊ። ሰላም ልዕሊ ኹሉ ንሰብ እተድሊ እያ ስለዚ ሎሚ እውን ንሰላም ኣብ ሕይወትና ኣብ ገዛና ኣብ ዓለምና ክነንግሳ። ሰላም እንተ ኣልዩ ኩሉ ኣሎ። ሰላም ኣብ ልበይ ኣብ ሕይወተይ ኣሎዶ? ሰላም ዘልኦ ሰብ ጥራሕ እዩ ንወንጌል ኣብ ኩሉ ክልኣኽ ዝኽእል። ኢየሱስ ድሕሪ ሰላምታ ምሃቡ ከምቲ ኣቦይ ንኣይ ዝለኣኸኒ ኣነ ኸአ እልእከኩም ኣሎኹ ኢልዎም። ቅዳሴ ምስተወድአ ብሰላም እተዉ ይብል ዲያቆን እዚ ማለት ኣብ ሓዲስ ስብከተ ወንጌል ኣብ ሓዲስ ምስክርነት ኪዱ ማለት እዩ።
- ቃል ኣምላኽ ክነብጽሕ ስንድዋት ንኹን። ነዚ ኩሉ ኣነ ዝበልኩኹም ኣብ ኩሉ ዓለም ኣብጽሕዎ ይብለና ክርስቶስ። መልእኽቲ ኣምላኽ እነብጽሕ ንሕና ኢና። ክንልኣኽ እንተ ኾና ክንገብሮ ዘድሊ ነገራት ኣሎ፥ ስንቂ ኣብ ጉዕዞ የድልየና፥ እሙናት ነቲ መልእኽቲ ከምዘሎ ኣብቲ ዘድለዮ ክነብጽሕ። ስለዚ ንኣና ዝረአየ ንለኣኺና ክርኢ ኣልዎ። እዚ እዩ መልእክቲ ትንሣኤ ንቃለይ ንትምህርተይ ኣብ ኩሉ ኣብጽሑ ዝብል መልእኽቲ።
- ኣብ ሓደ ልቢ ክንህሉ ይግባእ። ቀዳሞት ክርስትያን መለልይኦም ሓድነት ፍቕሪን ኣብ ነነድሕዶም ምትሕልላይን እዩ ነሩ። እዚ እዩ ናይ ሓደ ክርስትያን መንነት። ብክርስቶስ ሓውና ሓፍትና ዝኾነ ክነፍቅር ክነኽብር ዓቕምና ብዝኽእሎ ኸአ ክንሕግዝ።
- ኣብ እምነት ጽኑዕ ምኳን። እመንትና ሕያው ክኸውን እንከሎ ጥራሕ ኢና ንስብከት ክንወፍር እንኽእል። ዝሞተ ወይ ዝደስከለ እምነት ጸገሙ እዩ ዝበዝሕ። ምጥርጣር ከምኡ ዘይምእማን ኣብ መንፈሳዊ ሞት የብጽሕ በዚ ምኽንያት እምነት ኩስኮሳ የድልዮ።

ዳግማይ ትንሣኤ ክርስቶስ ክነብዕል ከሎና ምስ ቶማስ ኮና ጎይታይን ኣምላኸይን ኢልና እምነትና ሓዲስና ንምስክርነት እምነትና ክንጎዪ ንሕሰብ ከመይ ቶማስ ድሕሪ መግናሕቲ እምነቱ ኣብ በረኻን ኣብ ዓድን ክሳብ መጨረሻ ሕይወቱ ቃል ኣምላኽ ክሳብ ህንዲ ኣብጺሑ። ንሕና እውን ካብ ዘሎና ዛሕሊ እምነት ወይ ድኽመት ብንስሓ ኃጢኣትና ኣንጺሕና ንሓዲስ ስብከትን ቅድስና ዝመልኦ ክነብር መብጽዓና ንሓድስ።

ብሩኽ ትንሣኤ

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ